
## ዕዉት በዓል ንምድንፋዕ ፈላሚ ምትእኽኻብ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ.



### ኣብ ከተማ ከለን
### (3ይ ብድሆ ቶር ኣብ ኢሮፓ 2009)

ብዕለት 14.11.2009 ኣብ ከተማ ከለን ምህናጽ ሓያልን ንቑሕ ሃገራዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝዓለመ ድሙቕ ብዓል ተኻይዱ። ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ብሓባር ነዚ ቅዱስ ዕላማዚ ንምዕዋት ኣብ ከተማ ከለን መንእሰያት ሓቢሮም ኣብ ሃገራዊን ባህላዊ ጉዳያትን ዝነጥፍሉን ሓድነቶም ዘደልድልሉን መኣዲ ንምቕራብ ኣብ ቀዳምይ ደረጃ ብምስራዕ ፡ ንደቆም ባና ፈላሚ ምትእኽኻብ መንእሰያት ኣዳልዮም።

መደብ በዓል ብመዝሙር ሃገረ ኤርትራ ዝተሰነየ ዝኽረ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት፣ ኣቦ መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን ንምምስራት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ድሕሪ ምምጓስን ሓጎሱ ምግላጽን ንተሰተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ኣቕረበ፣ ብወከልቲ ጉጅለ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን ድማ ነቲ ብኣብነታዊ ሓድነትን ምውህሃድን ዓቢ ጻዕሪ ዘካየዱ ኣባላት ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዓቢ ሓበን ከምዝሰምዖም ብምግላጽ ዕዙዝ ምስጋና ኣቕሪቦም ። ቀጺሉ ናይ ሓጎስ መግለጺ ሻምፓኝ ብምትኳስን ቶርታ ብምቑራጽን ፡ በቶም ካብ ኤርትራ ነዚ በዓል ንምድማቕ ዝመጹ ሕቡባት ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ቀይሕ መሬት ስጋብ ወጋሕታ ደርፍታትን ሙዚቃን ብምቕራብን መደብ በዓል ብሕጉስ መንፈስ ተዛዚሙ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ሃገራዊ ሓድነት ንመንእሰያትና
ዓወት ንሓፋሽ

ኣዳለውቲ በዓል
ምትእኽኻብ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን
ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን
ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን